ማሕበር ልምዓት ትግራይ

ኣብ ዓስራይ ጉባኤ ማ.ል.ት ዝርዝር ዝሽለሙ

ትካላት፣ ጨናፍር፣ ማልትን ውልቀ ሰባትን

ማልት

26-27 ነሓሰ 2007

ብማሕበር ልምዓት ትግራይ ሽልማት ኣፍልጦ ተዋሂቡ፡፡

እቲ ሽልማት ኣፍልጦ ዝተውሃበ ዓሽራይ ሓፈሻዊ ጉባኤ ማልት ካብ 26 – 27 ነሓሰ 2007ዓም፣ ኣብ ከተማ መቐለ ኣዳራሽ ሓወልቲ ሰማእታት ኣብ ዝተሳለጠሉ እዋን'ዩ፡፡ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ማሕበር ልምዓት ትግራይ ናብራ ህዝቢ ትግራይ ዘመሓዩሽ ሰራሕቲ ልምዓት ዝወገነት እንትኸውን፣ ኣብ'ዞም ስራሕቲ ፍሉይ ኣበርክቶ ዝገበሩ ዝተፈላለዩ ኣካላት ሽልማት ብኣቕራባይነት ፈፃሚ ዳይሬክተር ማሕበር ልምዓት ትግራይ ዶ/ር ታደለ ሓጎስ ካብ ኢድ ነበር ፈፃሚ ዳይሬክተር ማልት ኣምባሳደር ተወልደ ገብሩ፣ ኣቦመንበር ኣመራርሓ ስራሕ ቦርድ ማልትን ዩንቨርስቲ መቐለን ዶ/ር ክንደያ ገ/ሂወትን ሓላፊ ቢሮ ጥዕና ክልል ትግራይን ኣባል ኣመራርሓ ስራሕ ቦርድ ማልትን ኣይተ ሓጎስ ጎዲፋይ ወሲደን፡፡ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ዝሓገዙ ኣካለት ብሑዘት ዋላኳ እንተነበሩ፣ ኣብቲ መድረኽ ከምመርኣያ ኮይኖም ዝተሸለሙ ተሸለምቲ እዞም ዝስዕቡ ዘካተተ ነይሩ፡-

1. ብሉፅ ኣፈፃፅማ መደባት ማልት ዝነበረን ወረዳታት
2. ብሉፅ ኣፈፃፅማ መደባት ማልት ዝነበረን ዞባታትን ትካላትን
3. ብሉፅ ኣፈፃፅማ መደባት ማልት ዝነበረን ጨናፍር ውሽጢ ዓዲ
4. ብሉፅ ኣፈፃፅማ መደባት ማልት ዝነበረን ጨናፍር ወፃኢ ዓዲ
5. ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ካልኣይ ብረኪ ኣብያተ ትምህርቲ ዝሰርሑን ኣብ ምስራሕ ዝርከቡን፣ ውልቀ ሰባት፣ ጨናፍርን ትካላትን
6. ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ቀዳማይ ብረኪ ኣብያተ ትምህርቲ ዝሰርሑን ኣብ ምስራሕ ዝርከቡን፣ ውልቀ ሰባት፣ ጨናፍርን ትካላትን
7. ብዝተፈላለዩ ብርክታት ትካላዊ ኣባላት ብምኺን ስራሕቲ ማልት ዝደገፉ ውልቀ ሰባትን ትካላትን
8. ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ማእኸላት ፅሩይ ዝስተ ማይ ዝሰርሑን ኣብ ምስራሕ ዝርከቡን፣ ውልቀ ሰባት፣ ጨናፍርን ትካላትን
9. ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ንስራሕቲ ሶፍት ፕሮግራማት/ፕሮጀክታት ብፋይናንስ ዝደገፉ መሓዙት ልምዓት
10. ብውልቆም ንስራሕቲ ማልት ካልኦት ኣካላት ካብ ዝህብዎ ድጋፍ ብዝተፈለየ መልክዑ ዝደገፉ ውልቀ ሰባት
11. እዋን ስርሖም ዝዛዘሙ
    - 11.1. ኣባላት ኣመራርሓ ስራሕ ቦርድ
    - 11.2. ኣባላት ኦዲት ኮሚቴ
    - 11.3. ነበር ፈፃሚ ዳይሬክተር

ዝርዝር ተሽለምቲ ዓስራይ ጉባኤ ማ.ል.ት

ሪጋ	ተሽላሚ	ዓይነት ሽልማት	መብርሂ
1. ብሉፅ ኩለመዳይ ኣፈፃፅማ			
1.1	ብሉፅ ኣፈፃፅማ ዘርኣያ ወረዳታት		
1.1.1	ብቐዳማይ ደረጃ ወረዳ ራያ ዓዘቦ	ግምቱ 1,500,000 ብር ዝኾነ 1ይ ብርኪ ቤት ትምህርትን ዋንጫን	○ ብተኸታታሊ ንሰለስተ ዓመትታት ፖሊሲ 70/30 ሚኢ.ታዊ ተጠቂማ ብሉፃት ስራሕቲ ልምዓት ብሽም ማልት ዝሰረሓት ብምኾና፣ ○ መሃያ ተኸፈልቲ፣ ሓረስቶትን ሰብ ሃፍትን ብምልማል፣ እቶት ማልት ንክዓቢ ብቢዓመቱ ልዕሊ 90% ትልማ ዝፈፀመት ብምኾና። ○ ኣብ ዓመት 10 ብር ዝነበረ ክፍሊት ነበርትን ገጠርን ናብ 15 ብር በዚ ድማ ናብ 20 ሓፍ ብምባል ምስግብሪ መሬት ተተሓሒዙ ክኽፈልን ብእዋኑ ኣብ መዓልኡ ክውዕል ዝገበረት ካብ ብሉፃት ብልፅቲ ኮይና ንተኸታተልቲ ሰለስተ ዓመታት ቀዳመይቲ ኮይና እናሸነፈት ብምምፃኣ።
	ብኻልኣይ ደረጃ ወረዳ ፀገዴ	ግምቱ 500,000 ዝኾነ ማእኸል ቨርቓዋል ኮምፒተር ኣብ ዝተመረፀ 2ይ ብርኪ ቤት ት/ቲ ምጥያሽን ዋንጫን	○ ብተኸታታሊ ንሰለስተ ዓመታት መሃያ ተኸፈልትን ነበርትን ብምልማል፣ እቶት ንክዓቢ ዝገበረትን ብቢዓመቱ 2ይ ብሉፅ ኣፈፃፅማ ዘለዋ ወረዳ ኮይና ብምምፅኣ። ○ ፖሊሲ 70/30 ሚኢ.ታዊ ተጠቂማ ሰፋሕቲ ስራሕቲ ልምዓት ብምውጋናን ብፅሒት ማልት ናብ 90% ክዓቢ ብምግባራ።
	ብሳልሳይ ደረጃ ከተማ ዓዲግራት	ግምቶም ብር 100,000 ዝኾነ መፃሕፍትን ዋንጫን	○ መሃያ ተኸፈልቲ፣ ነበርትን ሰብ ሃፍትን ብምትሕብባር ኢሉ'ውን ፖሊሲ 70/30 ሚኢ.ታዊ ተጠቂማ በዓል 2 ደብሪ ቤት ትምህርቲ ብምስርሓ። ○ ኣብ 2008 ሓደ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ንምህናፅ ልዕሊ ብር 700,000 ኣኪባን ዝተረፈ መድረኽ ብምድላው ንምእካብ ኣብ ምንቅስቓስ

			ብምህላዋ። ○ ብሓፈሻ ፖሊሲ 70/30 ሚኢታዊ ተጠቂማ ዝተኣከበ ገንዘብ ብእዋኑ ናብ ዝምልከቶ ዝወዐለት ወረዳ ብምኳና።
	ከተማ ዓብይዓዲ	ዋንጫን ኮምፒተርን	○ ብምልመላ ኣባላትን ምድንፋዕ እቶትን ማልት፣ ንተኸታተልቲ ሰለስተ ዓመታት ካልኣይ ብሉፅ ኣፈፃፅማ ዘለዋ ወረዳ ብምኳን እናተሸለመት ብምምፀኣ። ○ ፖሊሲ 70/30 ሚኢታዊ ተጠቂማ በቢእዋኑ ናብ ዝምልከቶ ኣታዊ ዝገበረትን ኣብ መዓልኡ ዘውዐለትን ወረዳ ብምካና።
	ወረዳ ራያ ኣላማጣ	ዋንጫን ኮምፒተርን	○ ልዕሊ 12 ሺሕ ሓረስቶት ኣባላት ብምግባር፣ ኣከፋፍላ ወሰን ግዜ ምስ ነበርቲ ብምርድዳእ ምስ ግብሪ መሬት ክውዳእ ዝገበረት ብምኳና። ○ ካብ ኩሎም ክፋላት ማሕበረሰብን ኣባላት ማልትን ዝተኣከበ ገንዘብ ኣብ መዓልኡ ዘውዐለት ወረዳ ብምኳና። ○ ኣብ መሃያ ተኸፈልቲ ዝነበረ ፀገም ብዝድለ ኣገባብ ብምፍታሕን ናብ ዝሓሸ ብርኪ ብምውፃእን ንክልተ ተኸታተልቲ ዓመታት 2ይ ደረጃ እንሓዘት ብምምፅኣ።
	ወረዳ ክልተ ኣውላዕሎ	ዋንጫን ኮምፒተርን	○ 100% መሃያ ተኸፈልቲ ኣባል ገይራ ብ1% ዝወሰነትን ኣብ ነበርቲ ብቢዓመቱ ዝሓሸ ርሕቀት ዝኸደትን ወረዳ ብምኳና ○ ፖሊሲ 70/30 ሚኢታዊ ተጠቂማ ውዕኢታዊ ስራሕ ዝሰርሓትን ብኣፈፃፅማ መደባት ማልት ብቢዓመቱ ካብ 2ይ-3ይ እናረተዐትን ዝመፀት ብምኳና።
1.2	**ብሉፅ ኣፈፃፅማ ዘለውን ዞባታትን ቤት ዕዮታትን**		
1.2.1	ትካል እግሪ ምትካል ትግራይ (ትእምት)	ዋንጫ	❖ ኣብ ትሕቲኡ ዝርከባ ትካላት ኩለን ትካላዊ ኣባልነት ማ.ል.ት ኮይነን፣ ሕድሕደን በቢዓመቱ ካብ ብር 5,000 ክሳብ 200,000 ይኸፍላ በቢዓመቱ ሓደ ሚልዮን (1,000,000 ብር) ብምእታው ንማልት ክድግፉ ዝለዓለ ኣመራርሓ ብምሃቡ።

			❖ ኣብ ትሕቲ ትካላት ትእምት ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ልዕሊ 92% ኣባላት ማ.ል.ት ብምውዳብን ክፍሊት ብፔሮል ሲስተም ብምእካብን በቢዓመቱ እናኸፈላ ኣብ 2007 ዓ/ም ልዕሊ ብር 3,600,000 ብምብፃሕ ኣታዊ ማልት ክጠናኸር ብምግባሩ። ❖ ካብ ጠቅላላ ሰራሕተኛታት ትግራይን ሰብ ሃፍቲ ትግራይን ካብ ቡሉፃት ብሉፅቲ ኣፈፃፅማ ብምኳን ማ.ል.ት ተጠናኺራ ክትቅፅል ዝለዓለ በዒሒት ብምውሳዱ። በቢዓመቱ ካብ ብሉፃት ብልፅቲ ትካል ብምኳና።
1.2.2	ዞባ ደቡብ ትግራይ	ዋንጫ	❖ ካብ 2005 ዓ/ም ጀሚራ ኣባላት ማልት ብምስሳንን እቶት ማልት ብምድንፋዕን ብተኸታታሊ ንሰለስተ ዓመታት ኣፈፃፅማ መደባት ማልት ቀዳመይቲ ብምምፃእ ካብ ብሉፃት ብሉፅቲ ብምኳና።
1.2.3	ዞባ ምብራቕ ትግራይ	ዋንጫ	❖ ካብ 2005 ዓ/ም ጀሚራ ኣባላት ማልት ብምስሳንን እቶት ማልት ብምድንፋዕን ብተኸታታሊ ንሰለስተ ዓመታት ብካልኣይቲ ደረጃ ኣፈፃፅማ መደባት ማልት ዘርአየት ዞባ ብምኳና።
1.2.4	ዞባ ምዕራብ ትግራይ	ዋንጫ	❖ ካብ 2005 ዓ/ም ጀሚራ ኣባላት ማልት ብምስሳንን እቶት ማልት ብምድንፋዕን ብተኸታታሊ ንሰለስተ ዓመታት ሳልሰይቲ ደረጃ ኣፈፃፅማ መደባት ማልት ዘርአየት ዞባ ብምኳና።
1.2.5	ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ	ዋንጫ	❖ ካብ ክልል ክሳብ ወረዳ ዘሎ መሓውሩ ንስራሕቲ ማልት ሓገዝን ደገፍን እናሃበት በቲ ዝድለ ኣገባብ ክኸይድ ብምግባሩ። ❖ 1.5 ሚልዮን ብር ዓመታዊ ብምምዳብ ፍሉይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ቓላሚኖ ክፍተት በጀት ከየጋጥሞ ብምስርሑ።
1.2.6	ቤት ፅሕፈት ህ.ወ.ሓ.ት	ዋንጫ	❖ ካብ ክልል ክሳብ ወረዳ ዘሎ መሓውሩ ንስራሕቲ ማልት ክፍቲ ገይሩ ስራሕቲ ኣባላት ምልዕዓል፣ ምውዳብን ምድንፋዕ እቶትን ብዝድለ ኣገባብ ክኸይድ ብምግባሩ።
1.2.7	ቢሮ ስቪል ሰርቪስ ክልል ትግራይ	ዋንጫ	❖ ኣብ ኩለን መንግስታዊ ኣብያተ ፅዮ ዝርከብ ሰራሕተኛ ብምውካል ዝሽለም እንትኸውን፣ ሰራሕተኛታተ መንግስቲ ትግራይ ከይተሰላቸው ስራሕቲ ማልት ብምድጋፍም ንዝገበርዎ ናይ ነዊሕ ዓመታት ኣበርክቶ ኣፍልጦ ንምሃብ'ዩ።
1.2.8	ማሕበራዊ ረዲኤት ትግራይ (ማረት) ንልምዓት ትካላት ወኪላ	ዋንጫ	❖ ምስ ኤግሊመር ኦፍ ሆብ ብምኳን ኣብ ወረዳታት ሕንጣሎ ዋጅራት፣ ላዕላይን ታሕታይን ማይጨው ብማልት ዝስርሑ ስራሕቲ ብሰፊሑ ብምድጋፉ።

			❖ ኣብ መላእ ትግራይ ዝተበተኑ ሰራሕተኛታት ማ.ረ.ት ብዝተወደበ መንገዲ ብምውሳን፤ ወርሓዊ ዘዋፅእዎ ብማእኸል ተጠርኒፉ በብወርሑ ናብ ማ.ል.ት ክኣቱ ኣብ ስርዓት ፕሮል ክኣቱ ብምግባሩን ማ.ል.ት ብእቶታ ብምድጋፍ ልምዓት ትካላት ማልትን ቱሽን ብምውካል ፀብለልታ ስለዘርአየ።
1.3	**ብሉፅ ኣፈፃፅማ ጨናፍር ማእኸል ዓዲ**		
1.3.1	ኣብ ማ.ል.ት ጨንፈር ፌደራል ኣብያተ ዕዮ ቤት ፅሕፈት ወንጀል ምክልኻል ፖሊስ	ዋንጫ	❖ ኣብ ትሕቲኡ ካብ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ብርክት ዝበሉ 3,294 ኣባላት ማልት ብምግባር ዓመታዊ ብር 787,585 ንማልት ኣታዊ ክኸውን ብምስርሑን ካብ ኣዲስ ኣበባን ካልኦት ክልላት ማእኸል ሃገርን ንተኸታታሊ ሰለስተ ዓመታት ቀዳማይ ብምኾን እንዳተሰርዐ ብምምፅኡ።
1.4	**ብሉፅ ኣፈፃፅማ ጨናፍር ወፃኢ ዓዲ**		
1.4.1	ማልት ጨንፈር ጀርመን	ዋንጫ	❖ ኣብ ወረዳ ራያ ዓዘቦ፣ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኮባን ብልዕሊ 1.2 ሚልዮን ብር ብምህናፅ ንህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ራያ ዓዘቦ ብምርካባ። ❖ ኣብ ወረዳ ቆላ ተምቤን ምስ ኩሎም ተሓባበርታ ብምኾን ብልዕሊ 1.4 ሚልዮን ብር ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተንፀፋ ሰራሓ ንህዝብን ምምሕዳርን ቆላ ተምቤን ብምርካባ። ❖ ኣብ ወረዳ ቆላ ተምቤን ምስ ኩሎም ተሓባበርታ ብምኾን ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዱራምባ ምህናፅ ብምጅማራ። ❖ ኣብ ወረዳ ኦፍላ ምስ ኩሎም ተሓባበርታ ብምኳን ብልዕሊ 1.4 ሚልዮን ብር ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ምፍሳስ ባሕሪ ምህናፅ ብምጅማራ። ❖ ኣብ ወረዳ ቆላ ተምቤን ምስ ኩሎም ተሓባበርታ ብምኾን ብ1.4 ሚልዮን ብር ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ላዕላይ ሰቄን ንምህናፅ ምንቅስቓሳት ምጅማራ። ❖ ልዕሊ 150 ሚልዮን ብር ዝግመቱ ዓበይቲ ናውቲ ባዮ - ኢንጅነሪግ ካብ ዝተፈላለዩ ሓገዝቲ ብምትእኽኻብን ናብ ዓዲ ብምልኣኽን ብመንገዲ ዩንቨርስቲ መቐለ ጥዕና ሳይንስ ኮሌጅ ኣቢላ ንዝተፈላለያ ትካላት ጥዕና ትግራይ ክከፋፈል ብምግባራ። ❖ ምስ ጥዕና ሳይንስ ኮሌጅ ዩንቨርስቲ መቐለን ኢትዮ - ቪተንን ብምኾን ወፃእተኛ ክኢላታት ናብ ዓዲ ብምምፃእ ነፃ ግልጋሎት ሕክምና ክህቡ፣ ፅገና ባዮ - ኢንጅነሪግ ከካይዱን ፍጠቶም ንደቂ ሃገር ከካፍሉን ብምግባራ።

			❖ ምስ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ጀርመን ዘለዋ ዝምድና ብምድልዳል፣ ዝተፈላለዩ ክኢላታት ክልልና ናይ ነዊሕን ሓጺርን እዋን ስልጠና ክረኽቡ ብምግባራ። ❖ ባህላዊ ምትእስሳር ህዝብታት ጀርመንን ትግራይን ንምድልዳል ምስ ስነ - ጥበባውያን ክልልናን ጀርመንን ሓቢራ ብምስርሓ።
2. ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ዝሰርሑን ኣብ ምስራሕ ዝርከቡን			
2.1	ኣይተ ሲሳይ ደስታ	ዋንጫ	✚ ኣብ መደብ ካብ ዳስ ናብ ክላስ ኣብ ወረዳ ኣሕፈሮም፣ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ደስታ ገብረየሱስ ድሕሪ ምህናፅ፣ ብልዕሊ 6.5 ሚልዮን ብር ወፃኢ ናብ ካልኣይ ብርኪ ክዓቢ ብምግባሮም።
2.2	ኑረዲን ዓብዱልለጢፍ	ዋንጫ	✚ ኣብ ከተማ ዓብይዓዲ ደረጃኡ ዝሓለወ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ንምህናፅ ብማልት ዝቖረበ ፃውዒት ተቖቢሎም ተግባራዊ ስራሕ ብምጅማሮም።።
2.3	Gelfand Family Charitable Trust	ዋንጫ	✚ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ማእኸላት ሳይንስን ቴክኖሎጂን ክጣየሻ ምስ ማልት ብምስርሑ ✚ ኣብ ከተማታት ማይቅነጣል፣ ውቕሮን ዳንሻን ደረጃኦን ዝሓለዋ ኣብያተ ትምህርቲ ብምህናፁ፣ ✚ ኣብ ማእኸል ሰሪሕኻ መርኣይ ሕርሻ ቻላሚኖ ንዝካየድ ስራሕቲ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ምሃቡ፣ ✚ ንሓወልቲ ሰማእታት ሓዊሱ ኣብ ሽሞንተ መሰናድኦን ካልኣይን ብርኪ ኣበያተ ትምህርቲ ማእኸላት ኣይሲቲ ክህሉ ኩለመዳያዊ ሓገዝ ምግባሩ። ✚ ንዝተፈላለያ ኣብያተ ትምህርቲ ልዕሊ 750 ኮምፒተራት ብምክፍፋሉ፣ ✚ 100,0000 ዝተፈላለዩ መጣቐስቲ መፃሕፍቲ ምስ ማልትን ካልኦት ሃገራውያን ናይ ልምዓት ማሕበራትን ብምኻን ንዝተፈላለያ ትካላት ትምህርትን ኣብያተ ንባብን ብምክፍፋሉ፣
2.4	China Communications Construction Company	ዋንጫ	✚ ኣብ ከተማ ኣላማጣ ክህነፅ መደብ ዝተትሓዘሉ ደረጃኡ ዝሓለወ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ፣ ንዝቖረበሉ ፃውዒት ተቖቢሉ ብከባቢ 25 ሚልዮን ብር ሰሪሑ ብምርካቡ።
2.5	China Geo-Engineering Corporation Overseas	ዋንጫ	✚ ኣብ ወረዳ ሕንጣሎ ዋጅራት፣ ጣብያ ዓንዲወያነ ክህነፅ መደብ ዝተትሓዘሉ ደረጃኡ ዝሓለወ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ፣ ንዝቖረበሉ ፃውዒት

	Construction (CGCOC) Group. Co. Ltd. Ethiopia		ተቐቢሉ ብከባቢ 25 ሚልዮን ብር ሰሪሑ ብምርካቡ።
2.6	American Jewish Joint Distribution Committee (AJJDC)	ዋንጫ	✚ ኣብ ከተማ እንዳባጉና ምስ ገልፋንድ ፋሚሊ ቻሪተብል ትረስት፣ ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ኣሰገደፅምብላ ብምኻን መሰናዶ ቤት ትምህርቲ ብምህናፁ።
2.7	Dangfang Electronics international	ዋንጫ	✚ ኣብ ፍሉይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ቻላሚኖ ብልዕሊ 19 ሚልዮን ብር ብዓል ሰለስተ ደብሪ መንበሪ ተምሃሮ ብምስርሑ።
2.8	Japan Embassy To Ethiopia	ዋንጫ	✚ ኣብ ወረዳ ቆላ ተምቤን ጣብያ ጎሮሮ ብልዕሊ 2 ሚልዮን ብር መስፋሕፍሒ ፕሮጀክት ሰሪሑ ንህዝብን ምምሕዳርን ብምርካቡ። ✚ ቀፃላይ ምስ ማልት ንምስራሕ ድልውነቱ ብምርግጋፁ።
2.9	ማልት ጨንፈር ሰሜን ኣመሪካ	ዋንጫ	✚ ኣብ ከተማ ሽራሮ ደረጅኡ ዝሓለወ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ብከባቢ 20 ሚልዮን ብር ንምህናፅ ዘኽእላ እምነ ሰረት ምንባራን ተግባራዊ ስራሕቲ ብምጅማራን።
2.10	VZW Ethiopie, IK Wil Leven (ወ/ሮ ርሻን ካሕሳይ)	ዋንጫ	✓ ኣብ ወረዳ ሕንጣሎ ዋጅራት፣ ማእኸል ቴክኒክን ሞያን ዶ/ር ኪሮስ መኮነን ብልዕሊ 500000.00 ብር ሓደ ተወሳኺ ዎርክሾፕ ብምህናፀን። ✓ ኣብ ወረዳ ጉሎመኸዳ፣ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ሸዊት ብልዕሊ ሓደ ሚልዮን ብር ንምህናፅ ምድላዋት ኣብ ምውዳእ ዝርከባ ብምኳነን። ✓ ናሽቬል ምስ ዝተብሃለ ትካል ብምኻን ኣብ ወረዳ መደባይዛና፣ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ንምህናፅ ኣብ ምድላው ዝርከባ ምኻነን።
3. ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ቀዳማይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ዝሰርሑን ኣብ ምስራሕ ዝርከቡን			
3.1	A Glimmer of Hope (AGoH)	ዋንጫ	• ኣብ ወረዳታት ሕንጣሎ ዋጅራት፣ ላዕላይን ታሕታይን ማይጨው ብርክት ዝበላ ኣብያተ ትምህርቲ ምህናፁ • ንዝተፈላለያ ኣብያተ ትምህርቲ ናውቲ ምምልኡ • ልዕል ክብል ኣብ ዝተገለፃ ወረዳታት ትካላት ጥዕና ብምህናፁን ናውቲ ብምምልኡን።
3.2	ኣይተ መኮነን ኣለማዮህ	ዋንጫ	• ኣብ ከተማ ኣኽሱም ብልዕሊ ሰለስተ ሚልዮን ብር ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ንምህናፅ ተግባራዊ ምንቅስቓስ ብምግባሮም።
3.3	ማልት ጨንፈር ጁቡቲ	ዋንጫ	• ኣብ ወረዳ ወርዒለኸ፣ ምስ ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ወርዒለኸ ብምኻን ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኣኮፋ ብምህናፃ።

3.4	ማልት ጨንፈር ደቡብ ኣፍሪካ	ዋንጫ	• ኣብ ወረዳ እንደርታ ምስ ምምሕዳርን ህዝብን ወረዳ እንደርታ ብምኻን ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኣመንቲላ ምህናፅ ብምጅማራ።
3.5	ማልት ጨንፈር ፈረንሳይ	ዋንጫ	• ምስ ህዝብን ምምሕዳርን ላዕላይ ኣድያቦ ብምኻን ብልዕሊ 1.4 ሚልዮን ብር ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ እንዳሚካኤል ንምህናፅ ተግባራዊ ምንቅስቓስ ብምጅማራ።
3.6	Etiopia – Witten e.V.	ዋንጫ	• ምስ ማልት ጨንፈር ጀርመንን ዩንቨርሰቲ መቐለን ብምኻን ኣብ ወረዳታት ቆላ ተምቤን ኦፍላን ሰለስተ ኣብያተ ትምህርቲ ምህናፁን ክሃንፅ ምድላዋቱ ምውጋኑን። • ክኢላታት ሕክምና ጀርመን ናብ ዓዲ ብምምፃእ ንብዙሓት ወገናት ፈውሲ ክረኽቡ ብምግባሩን ፍልጠቶም ንደቂ ሃገር ከካፍሉ ብምግባሩን። • ዝተፈላለዩ ናውትታት ትምህርቲ ኣብ ወረዳታት ራያ ዓዘቦ፣ ሃፀይ ዮውሃንስን ዓብይዓድን ንዝርከቡ ተምሃሮ ብምልጋሱ። • ብርክት ዝበለ ወፃኢ ዝሓቱ ናውቲ ሕክምና ካብ ሃገረ ጀርመን ምስ ዩንቨርስቲ መቐለን ማልት ጨንፈር ጀርመንን ብምምፃእ፣ ኣብ ክልልና ዝረአ ፀገም ናውቲ ሕክምና ንምፍታሕ ምስርሑ።
3.7	ማልት ጨንፈር ደቡብ ኢትዮጵያ	ዋንጫ	• ኣብ ወረዳ ጣንቋ ኣበርገለ ምስ ምምሕዳርን ህዝበን ወረዳ ጣንቋኣበርገለ ብምትሕብባር፣ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ወጊፍ ምህናፅ ብምጅማራ
3.8	ማልት ጨንፈር ጅጅጋ	ዋንጫ	• ምስ ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ብምኻን ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ደጉዓለ ሃኒፃ ንሕብረተሰብ ብምርካባ።
3.9	ማልት ጨንፈር ጅማ	ዋንጫ	• ምስ ህዝብን መምሕዳርን ወረዳ ኦፍላ ብምኻን ብከባቢ 1.3 ሚልዮን ብር ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዓዲቦሙሳ ክትሃንፅ ብምጅማራ።
3.10	ጨንፈር ድሬዳዋ	ዋንጫ	• ኣብ ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ምስ ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ብምኻን ብልዕሊ 3.5 ሚልዮን ብር ሙሉእ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ምግላስ ፈረስ ክትሃንፅ ብምጅማራ።
ዓሰርቲኣን ክፍላተ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣብ 2005/6 ዓ/ም ምስ ህዝብን ወረዳን ወልቃይትን ፀገዴን ብምትሕብባር ብር 2.6 ሚልዮን ዝግመቱ ክልተ ኣብያተ ት/ቲ (ዓዲፍልሖን፣ ጨጓር ኩዶን) ሃኒፀን ንግልጋሎት ዘብቅዓ እንትኾና ኣብዝሓለፈ ዓመት ድማ ብሕድሕደን ሓደ ቤት ት/ቲ ከምዝስዕብ ሰሪሓን።			
3.11	ማልት ጨንፈር ኣራዳ ክፍለ ከተማ	ዋንጫ	• ምስ ወረዳ ራያ ኣላማጣ ብምትሕብባር ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ደርግዒ ብ1.4 ሚልዮን ኣብ ምህናፅ ስለዘላ፣
3.12	ማልት ጨንፈር ጉለሌ ክፍለ ከተማ	ዋንጫ	• ምስ ወረዳ ጣንቋ ኣበርገለ ብምትሕብባር ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ገርዛ

			ብ1.4 ሚልዮን ኣብ ምህናፅ ስለዘላ፣
3.13	ማልት ጨንፈር ኣዲስ ከተማ ክፍለ ከተማ	ዋንጫ	• ምስ ወረዳ እምባ ኣላጀ ብምትሕብባር ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ገዘመ ብ1.4 ሚልዮን ኣብ ምህናፅ ስለዘላ፣
3.14	ማልት ጨንፈር ኮልፌ ቀራንዮ ክፍለ ከተማ	ዋንጫ	• ምስ ወረዳ ኣፅቢ ወምበርታ ብምትሕብባር ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኣባይ ደራ ብ1.4 ሚልዮን ኣብ ምህናፅ ስለዘላ፣
3.15	ማልት ጨንፈር ልደታ ክፍለ ከተማ	ዋንጫ	• ምስ ወረዳ ቆላ ተምቤን ብምትሕብባር ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ፍረ ስውኣት ብ1.4 ሚልዮን ኣብ ምህናፅ ስለዘላ፣
3.16	ማልት ጨንፈር ጨርቆስ ክፍለ ከተማ	ዋንጫ	• ምስ ወረዳ ኣፅቢ ወምበርታ ብምትሕብባር ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ እንዳሚካኤል ብ1.4 ሚልዮን ኣብ ምህናፅ ስለዘላ፣
3.17	ማልት ጨንፈር ንፋስ ስልክ ላፍቶ ክፍለ ከተማ	ዋንጫ	• ምስ ወረዳ ደጉዓ ተምቤን ብምትሕብባር ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ሰላም ሰረት ብ1.4 ሚልዮን ኣብ ምህናፅ ስለዘላ፣
3.18	ማልት ጨንፈር ኣቃቂ ቃሊቲ ክፍለ ከተማ	ዋንጫ	• ምስ ወረዳ ፀለምቲ ብምትሕብባር ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ማይሪማ ብ1.4 ሚልዮን ኣብ ምህናፅ ስለዘላ፣
3.19	ማልት ጨንፈር ቦሌ ክፍለ ከተማ	ዋንጫ	• ምስ ወረዳ ኣስገደ ፅምብላ ብምትሕብባር ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዓዲሽሓቕ ብ1.4 ሚልዮን ኣብ ምህናፅ ስለዘላ፣
3.20	ማልት ጨንፈር የካ ክፍለ ከተማ	ዋንጫ	• ምስ ወረዳ እንዳመኾኒ ብምትሕብባር ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዘንያ ብ1.4 ሚልዮን ኣብ ምህናፅ ስለዘላ፣
3.21	ማልት ጨንፈር ዓባይ ብሪታንያ	ዋንጫ	• ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ፍሉይ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ንምሕጋዝ በቢዓመቱ ብፋይናንስ ብምድጋፉ።
4. ብትካላዊ ኣባላትን ሰራሕተኛታትን ዝለዓለ ኣፈፃፅማ ዘለወን ትካላት ትእምት			
4.1	ፋብሪካ ዓለባ ኣልመዳ	ዋንጫ	▪ ልዕሊ 5 ሺሕ ሰራሕተኛታቱ (100%) ብ1% ብምውሳን ኣባል ማ.ል.ት ክኾኑን ክፍሊት ብፔሮል ክእከብ ብምግባርን ብቢወርሑ ልዕሊ ብር 59,000 ንማልት ኣታዊ ዝገብር ትካል ብምኳኑ። ▪ ብብርኪ ፕላትኒየም ትካላዊ ኣባል ብምኳን ካብ 2005 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 50,000.00 እንዳኸፈለ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፉ።
4.2	ሱር ኮንስትራክሽን	ዋንጫ	▪ ብብርኪ ፕላትኒየም ብትካላዊ ኣባል ብር 200,000.00 ካብ 2005 ዓ/ም ጀሚሩ ዝለዓለ ክፍሊት ብምክፋል ብሕታዊት ትካል ብምኳን።

			▪ ልዕሊ 78% ሰራሕተኛታት ኣባላት ማ.ል.ት፣ ክፍሊት ብፔሮል ሲስተም ተኸቲላ በቢወርሑ ብር 47,000 ንማልት ኣታዊ ከምዝበፀሓት፣
4.3	መስፍን ኢንዳስትሪያል ኢንጅነሪንግ	ዋንጫ	▪ ማ.ል.ት ካብ ትምስረት ጀሚሩ ኩሉ ሰራሕተኛ (100%) ብ1% ኣወሲኑ፣ ክፍሊት ብፔሮል ስስተም ተጠቅማ በቢወርሓ ብር 53,000 ንማልት ኣታዊ ክግበርን ዝሰርሐ ትካል ብምኳኑ፣ ▪ ብብርኪ ፕላትኒየም ትካላዊ ኣባል ብምኾን ካብ 2005 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 115,000.00 እንዳኸፈለ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፉ።
4.4	ሳባ እምነበረድ ፋብሪካ	ዋንጫ	▪ ማ.ል.ት ካብ ትምስረት ጀሚሩ ኩሉ ሰራሕተኛ (100%) ኣባል ማ.ል.ት ክኸውን፣ ብ1% ክውስን፣ ክፍሊት ብፔሮል ሲስተም በቢወርሓ ልዕሊ ብር 11,000.00 ንማልት ኣታዊ ክኸውን ብምስርሑ። ▪ ብብርኪ ፕላትኒየም ትካላዊ ኣባል ብምኾን ካብ 2005 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 100,000.00 እንዳኸፈለ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፉ።
4.5	መሰቦ ስሚንቶ ፋብሪካ	ዋንጫ	▪ ብብርኪ ፕላትኒየም ትካላዊ ኣባል ብምኾን ካብ 2005 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 100,000.00 እንዳኸፈለ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፉ። ▪ ልዕሊ 80% ሰራሕተኛታት ኣባል ማልት ክኾኑ፣ ክፍሊት ፔሮል ሲስተም ተኸቲሉ በቢወርሑ ልዕሊ ብር 45,000 ንማልት ኣታዊ ስለዝገብርን።
4.6	ትራንስ ኢትዮጵያ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ውልቀ ማሕበር	ዋንጫ	• ኣብ ወረዳ ራያ ዓዘቦ፤ ጣብያ ገርጀለ ትርከብ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ብልዕሊ 2 ሚልዮን ብር ክልተ ብሎክ ብምስርሑ። • ልዕሊ 72% ሰራሕተኛታቱ ኣባል ማ.ል.ት ገይሩ፣ ክፍሊት ብፔሮል ሲስተም ብምጥቃም በቢወርሑ ልዕሊ ብር 23,000 ንማልት ኣታዊ ክኸውንን ብምስርሑ። • ብብርኪ ፕላትኒየም ትካላዊ ኣባል ብምኾን ካብ 2005 ዓ/ም ጀሚሩ ዓመታዊ ብር 100,000.00 እንዳኸፈለ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፉ።
4.7	ጉና ስራሕቲ ንግዲ ሓ/ዝ/ው/ ማሕበር	ዋንጫ	▪ ብብርኪ ፕላትኒየም ትካላዊ ኣባል ብምኾን ካብ 2005 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 100,000.00 እንዳኸፈለ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፉ።

			▪ ኩሉ ሰራሕተኛ 100% ኣባል ብ1% ብምውሳን ናብ ፔሮል ሲስተም ኣሰጋጊራ በቢወርሑ ልዕሊ 10 ሺሕ ኣታዊ ብምግባራ።
4.8	ሼባ ሌዘር ፋብሪካ	ዋንጫ	▪ ኩሉ ሰራሕተኛ (100%) ኣባል ማልት ገይራ፣ ብ1% ክውሱኑ፣ ክፍሊት ብፔሮል ሲስተም ተጠቂማ በቢወርሑ ልዕሊ ብር 11,000.00 ንማልት ኣታዊ ክኸውን ብምስርሑ። ▪ ብብርኪ ፕላትኒየም ትካላዊ ኣባል ብምኾን ካብ 2005 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 50,000.00 እንዳኸፈለ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፉ።
4.9	ሂወት ሕርሻ መካናይዜሽን	ዋንጫ	▪ ማ.ል.ት ካብ ትምስረት ጀሚሩ ኩሉ ሰራሕተኛ (100%) ኣባል ማልት ክኸውን ገይራ፣ ብ1% ብምውሳን፣ ክፍሊት ብፔሮል ሲስተም ተጠቂማ ብቢወርሑ ልዕሊ ብር 9,000 ንማልት ኣታዊ ክኸውንን ብምስርሓ። ▪ ብብርኪ ፕላትኒየም ትካላዊ ኣባል ብምኾን ካብ 2005 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 50,000.00 እንዳኸፈለ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፉ።
4.10	ፋብሪካ ፓርቲክል ቦርድ ማይጨው	ዋንጫ	▪ ኩሉ ሰራሕተኛ (100%) ኣባል ማልት ገይራ፣ ብ1% ኣወሲና፣ ክፍሊት ብፔሮል ሲስተም ተጠቂማ በቢወርሓ ልዕሊ ብር 6,000.00 ንማልት ኣታዊ ክኸውንን ብምግባሩ። ▪ ብብርኪ ወርቂ ትካላዊ ኣባል ብምኾን ካብ 2005 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 30,000.00 እንዳኸፈለ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፉ።
4.11	ኣዲስ መድሓኒት ፋብሪካ	ዋንጫ	▪ ልዕሊ 61% ሰራሕተኛታቱ ኣባላት ማልት ክኾኑ ገይራ፣ ክፍሊት ብፔሮል ሲስተም ተጠቂማ በቢወርሑ ልዕል ብር 11,000.00 ንማልት ኣታዊ ክኸውንን ብምስርሑ። ▪ ብብርኪ ፕላትኒየም ትካላዊ ኣባል ብምኾን ካብ 2005 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 57,000.00 እንዳኸፈለ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፉ።
4.12	ፋብሪካ ፕላስቲክ ብሩህ ተስፋ	ዋንጫ	▪ ኩሉ ሰራሕተኛታት (100%) ኣባል ገይራ፣ ብ1% ኣወሲና፣ ክፍሊት

			ብፔሮል ተጠቂማ በቢወርሑ ልዕሊ ብር 8,000 ንማልት ኣታዊ ክከውንን ብምግባሩ። ▪ ብብርኪ ወርቂ ትካላዊ ኣባል ብምኻን ካብ 2005 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 30,000.00 እንዳኸፈለ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፉ።
4.13	ማሕበር ኣክስዮን ሰላም ባስ	ዋንጫ	❖ ብብርኪ ፕላትኒየም ትካላዊ ኣባል ብምኻን ካብ 2005 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 180,000.00 እንዳኸፈለ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፉ።
4.14	ፀጉ ብርሃነ ትሬዲንግ	ዋንጫ	❖ ብብርኪ ፕላትኒየም ትካላዊ ኣባል ብምኻን ካብ 2006 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 100,000.00 እንዳኸፈለ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፉ።
4.15	ስዒድ ያሲን ሃ/የተ/የግ/ ማህበር	ዋንጫ	❖ ብብርኪ ፕላትኒየም ትካላዊ ኣባል ብምኻን ካብ 2006 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 99,999.99 እንዳኸፈለ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፉ።
4.16	ፀሜክስ ግሎባል (ኣይተ ረዘነ ኣያሌው)	ዋንጫ	❖ ብብርኪ ፕላትኒየም ትካላዊ ኣባል ብምኻን ካብ 2006 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 50,000.00 እንዳኸፈለ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፉ።
4.17	ሲማን ቢዝነስ (ወ/ሮ ማህደር ገ/መድህን)	ዋንጫ	❖ ብብርኪ ፕላትኒየም ትካላዊ ኣባል ብምኻን ካብ 2007 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 50,000.00 እንዳኸፈለ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፉ።
4.18	ኣይተ ዓብዱልዓለም ሙሳ	ዋንጫ	❖ ብብርኪ ፕላትኒየም ትካላዊ ኣባል ብምኻን ካብ 2006 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 50,000.00 እንዳኸፈሉ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፎም።
4.19	ፀሜክስ ግሎባል (ኣይተ ረዘነ ኣያሌው)	ቁፅሪ ክልተ ዋንጫ	• ብብርኪ ፕላትኒየም ትካላዊ ኣባል ብምኻን ካብ 2006 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 50,000.00 እንዳኸፈለ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፉ።
4.20	ከቢረ ኢንተርፕራይዝ (ኣይተ ፋሲል ደስታ)	ዋንጫ	❖ ብብርኪ ወርቂ ትካላዊ ኣባል ብምኻን ካብ 2006 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 32,000.00 እንዳኸፈለ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፉ።
4.21	ሙጂብ የንግድ ማእከል (ሓጂ ሙጂብ)	ዋንጫ	❖ ብብርኪ ወርቂ ትካላዊ ኣባል ብምኻን ካብ 2006 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 30,000.00 እንዳኸፈለ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፉ።
4.22	ኣምባሳደር ልብስ ስፌት ፋብሪካ (ኣይተ ስዒድ መሓመድብርሃን)		❖ ብብርኪ ብሩር ትካላዊ ኣባል ብምኻን ካብ 2006 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 25,000.00 እንዳኸፈለ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፉ። ❖ ኣብ ከተማ ሸረ እንዳስላሰ ክስራሕ ንዝተተለመ ደረጅኡ ዝሓለወ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ እወንታዊ ድጋፍ ብምግባሩ።
4.23	ኣይተ ጌታቸው ኣፅብሃ	ዋንጫ	❖ ብብርኪ ብሩር ትካላዊ ኣባል ብምኻን ካብ 2006 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 25,000.00 እንዳኸፈለ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፎም።

4.24	ኣይተ ክፍለማርያም ኣፅብሃ	ዋንጫ	❖ ብብርኪ ብሩር ትካላዊ ኣባል ብምኾን ካብ 2006 ዓ/ም ጀሚሩ ብር 25,000.00 እንዳኸፈለ ስራሕቲ ማልት ብምድጋፍም።
4.25	ቤት ፅሕፈት ዞባ ምብራቅ ቤተ ክህነት	ዋንጫ	❖ ብብዓመቱ ብትካሎም ኣባል ብምኻን 15 ሽሕ ዝኸፍሉ ብምኾኖም።
ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ፀገም ዝስተ ፅሩይ ማይ ኣብያተ ትምህርቲ ንምፍታሕ ጎዳጉዲ ማይ ዝኾዓቱ			
4.26	ጊልስ ኳዕቲ ማእኸለዎትን ዓሞቕትን ጎዳጉዲ ማይ (ኣይተ ፍፁም ምኣስገዶም)	ዋንጫ	❖ ኣብ ወረዳ ገጠር ዓድዋ፣ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ኣልመዳ ሓደ ጉዳጓድ ብምኹዓት፣ ቀረብ ፅሩይ ዝስተ ማይ ብምምልኦም። ❖ ኣብ ወረዳ ኣፅቢ ወምበርታ ሓደ ጉዳጓድ ፅሩይ ዝስተ ማይ ምስረሖም ቐረብ ፅሩይ ዝስተ ማይ ብምምልኦም።
4.27	ማልት ጨንፈር ሚላን	ዋንጫ	❖ ኣብ ወረዳ እምባ ኣላጀ ብ162,000 ብር 4 ማእኸላት ፅሩይ ዝስተ ማይ ብምኹዓት ንህዝብን ምምሕዳርን እቲ ከባቢ ብምርካብ።
4.28	ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣመሪካ	ዋንጫ	❖ ኣብ ወረዳ ኣስገደፅምብላ፣ ከተማ ደደቢት ንእትርከብ ሙሉእ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ደደቢት ተወሰኽቲ መምሃሪ ክፍልታት፣ ሓፁርን ፅሩይ ዝስተ ማይን ብምስርሑ።
5. ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ዝተፈላለዩ ፕሮግራማት ሓገዝ ብምሃብ ዝተሓባበሩ መሓዙት ልምዓት			
5.1	ዓለምለኽ ተራድኦ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ (USAID)	ዋንጫ	➢ ፕሮጀክት ምምዕባል ንባብ ብቐልፅነት (Improving Early Grade Reading Skills (IEGRS) ኣብ 22 ወረዳታት ትግራይ ኣብ ዝርከባ 337 ኣብያተ ትምህርቲ ምጅማሩ። ➢ ኣብ ሰለስተ ወረዳታት ዝርከባ 20 ኣብያተ ትምህርቲ ንፅጉማት ህፃናት ንምሕጋዝ ፕሮጀክት ስኮፕስ ብምስላጡ።
5.2	British Council	ዋንጫ	➢ ኣብ ወረዳ ሕንጣሎ ዋጅራት ዝተፈላለዩ ፀገማት ዘለውዎም ወገናት ቐጠባዊ ዓቕሞም ንምሕያል ብልዕሊ 2 ሚልዮን ብር ፕሮጀክት ሓገዝ ንስቪል ማሕበራት ብምትግባሩ። ➢ ቀፃልነት ብዘለዎ መልክዑ ኣብ ወረዳታት ሕንጣሎ ዋጅራትን ኣፅቢወምበርታን ካልኣይ ምዕራፍ እቲ ልዕል ክብል ዝተሓበረ ፕሮጀክት ክውግን ግብራዊ ስራሕቲ ብምጅማሩ።
5.3	ዓለምለኽ ህፃናት ኣድሕን (Save the Children International)	ዋንጫ	➢ ፕሮጀክት ማሕበረሰብ ተኮር ምዕባይ ክእለት ምንባብን ምፅሓፍን (Reading for Ethiopians Achievement Developed – Community outreach project) ንማልት ብምሃብ ኣብ 10 ወረዳታት ትግራይ ንምጅማር ምድላዋቱ ብምውድኡ።

5.4	Geneva Global	ዋንጫ	➢ ብልዕሊ 2 ሚልዮን ብር ኣብ ወረዳ እንዳመኾኒ ፕሮጀክት ዝሳለጠ ትምህርቲ ንኣፍሪካ ብምክያዱ።
5.5	ኢንሽቲቭ ኣፍርካ	ዋንጫ	➢ ብማልት ኣብ 37 ቀዳማይን ካልኣይን ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ንዝትግበር Thinking Schools growing from inside out: Empowering young girls Project ፋይናንሳዊ ድጋፍ ብምግባሩ።
5.6	ኢትዮጵያ እውቀትና ቴክኖሎጂ ሽግግር ማህበር (EKTTS)	ዋንጫ	➢ 23 ኮምፒተራት ብምልጋስን ብምግጣምን ቤተ ንባብ ህዝቢ መቐለ ወናኒ ዲጂታል መፃሕፍቲ ክኸውን ብምግባሩ። ➢ ልዕሊ 65,000 ድጅታልን 10,000 ስሩዓት መፃሕፍትን ንቤተ ንባብ ህዝቢ መቐለ ብምልጋስ።
5.7	ኣብ ክልልና ዝርከባ ዩኒቨርስቲታት • መቐለ ዩኒቨርስቲ • ኣክሱም ዩኒቨርስቲ • ዓዲ ግራት ዩኒቨርስቲ	ዋንጫ	➢ ትካላዊ ኣባልነት ➢ ዩኒቨርስቲ ማሕበረሰብ ኣባል ማልት ክኾነ ብምትሕብባር
6. ናይ ውልቀ ተሸለምቲ			
6.1	ኣባል ፓርላማ ኢትዮጵያ ኣይተ ሆርዶፋ በቀለ	ዋንጫ	• ማልት ምስ ኤምባሲ ጃፓን ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዋ ዝምድና ንምድልዳል ተግባራዊ ድጋፍ ብምግባሮም።
6.2	መ/ር ሃይላይ ገ/መድህን	ሰርተፊኬት	• ሓፈሻዊ ወርሓዊ ክፍሊት ተኸፈልቲ መሃያ ካብ 0.5-1% ወርሓዊ መሃያ ኮይኑ እናሃለወ ብድልየቶም ካብ ዝተፃረየ መሃየኦም በቢወርሑ ብቀዋሚ 2% ዝኸፍሉ።
6.3	ወ/ሮ ለተብርሃን መዓሾ	ሰርተፊኬት	• ሓፈሻዊ ወርሓዊ ክፍሊት ተኸፈልቲ መሃያ ካብ 0.5-1% ወርሓዊ መሃያ ኮይኑ እናሃለወ ብድልየተን ካብ ዝተፃረየ መሃየእን በቢወርሑ ብቀዋሚ 2% ዝኸፍላ።
6.4	ኣይተ ብርሃነ ፅጋብ	ሰርተፊኬት	• ሓፈሻዊ ወርሓዊ ክፍሊት ተኸፈልቲ መሃያ ካብ 0.5-1% ወርሓዊ መሃያ ኮይኑ እናሃለወ ብድልየቶም ካብ ዝተፃረየ መሃየኦም በቢወርሑ ብቀዋሚ 1.5% ዝኸፍሉ።
7. እዋን ስርሖም ዝዛዘሙ ኣባላት ኣመራርሓ ስራሕ ቦርድን ነበር ፈፃሚ ዳይሬክተርን			
I. ኣባላት ቦርድ			
7.1	ዶ/ር ክንደያ ገብረሂወት	ዋንጫን ሰርተፊኬትን	✓ ንሰለስተ ዓመታት ኣቦመንበርን ኣባልን ኣመራርሓ ስራሕ ማልት ኮይኖም ብምግልጋሎም

7.2	ኣይተ ዳንኤል ኣሰፋ	ዋንጫን ሰርተፊኬትን	✓ ንሰለስተ ዓመታት ምክትል ኣቦመንበርን ኣባልን ኣመራርሓ ስራሕ ማልት ኮይኖም ብምግልጋሎም
7.3	ዶ/ር ወልዳይ ኣመሃ	ዋንጫን ሰርተፊኬትን	✓ ንሰለስተ ዓመታት ኣባል ኣመራርሓ ስራሕ ማልት ኮይኖም ብምግልጋሎም
7.4	ኣይተ ደስታ ኣስገዶም	ዋንጫን ሰርተፊኬትን	✓ ንሰለስተ ዓመታት ኣባል ኣመራርሓ ስራሕ ማልት ኮይኖም ብምግልጋሎም
7.5	ኣይተ ጎበዛይ ወልደኣረጋይ	ዋንጫን ሰርተፊኬትን	✓ ንሰለስተ ዓመታት ኣባል ኣመራርሓ ስራሕ ማልት ኮይኖም ብምግልጋሎም
7.6	ዶ/ር ኣለማዮህ ገ/እግዚኣብሄር	ዋንጫን ሰርተፊኬትን	✓ ንሰለስተ ዓመታት ኣባል ኣመራርሓ ስራሕ ማልት ኮይኖም ብምግልጋሎም
7.7	ኣይተ ሓጎስ ጎዲፋይ	ዋንጫን ሰርተፊኬትን	✓ ንሰለስተ ዓመታት ኣባል ኣመራርሓ ስራሕ ማልት ኮይኖም ብምግልጋሎም
7.8	ወ/ሮ ኣረጋሽ በየነ	ዋንጫን ሰርተፊኬትን	✓ ንሰለስተ ዓመታት ኣባል ኣመራርሓ ስራሕ ማልት ኮይነን ብምግልጋለን
7.9	ኣይተ ስዒድ መሓመድብርሃን	ዋንጫን ሰርተፊኬትን	✓ ንሰለስተ ዓመታት ኣባል ኣመራርሓ ስራሕ ማልት ኮይኖም ብምግልጋሎም
7.10	ኣይተ ተፈሪ የማነ	ዋንጫን ሰርተፊኬትን	✓ ንሰለስተ ዓመታት ኣባል ኣመራርሓ ስራሕ ማልት ኮይኖም ብምግልጋሎም
II. ኣባላት ኦዲት ኮሚቴ			
7.11	ወ/ሮ ምሕረት በየነ	ዋንጫን ሰርተፊኬትን	✓ ንሰለስተ ዓመታት ኣባል ኦዲት ኮሚቴ ማልት ኮይነን ብምግልጋለን
7.12	ወ/ሮ ሙሉ በላይ	ዋንጫን ሰርተፊኬትን	✓ ንሰለስተ ዓመታት ኣባል ኦዲት ኮሚቴ ማልት ኮይነን ብምግልጋለን
7.13	ኣይተ ተስፋይ ሃይሉ	ዋንጫን ሰርተፊኬትን	✓ ንሰለስተ ዓመታት ኣባል ኦዲት ኮሚቴ ማልት ኮይኖም ብምግልጋሎም
7.14	ዶ/ር ገብረሂወት ታደሰ	ዋንጫን ሰርተፊኬትን	✓ ንሰለስተ ዓመታት ኣባል ኦዲት ኮሚቴ ማልት ኮይኖም ብምግልጋሎም
7.15	ወ/ሮ እቴነሽ ኣብርሃ	ዋንጫን ሰርተፊኬትን	✓ ንሰለስተ ዓመታት ኣባል ኦዲት ኮሚቴ ማልት ኮይኖም ብምግልጋሎም
III. ነበር ፈፃሚ ዳይሬክተር			
7.16	ኣምባሳደር ተወልደ ገብሩ	ዋንጫን ሰርተፊኬትን	✓ ንልዕሊ ሽዱሽተ ዓመታት ፈፃሚ ዳይሬክተር ኮይኖም ብምግልጋሎም